# ***<u>ወሳኒ ናይ ለውጢ ሓይሊ ዝኾነ መንእሰይ ወለዶን ጸረ-ህዝቢ ምልካዊ ስርዓት ህግደፍን።</u>***

***ኣብ ምዕባለ ሕብረተ-ሰብ ኣብ ቃልሲ ይኹን ወይ ኣብ ምህናጽ ሃገር፡ መንእሰይ ወለዶ ጥጡሕ ፖለቲካዊ ሃዋህው እንተረኺቡ፡ ወይ ኣብ ምፍጣሩ ብቃልሲ ልዑል ተርኡ ክጻወት እንተበቒዑ፡ ሓያል ናይ ለውጢ ሓይሊ ኮይኑ፡ ንመንኮርኮር ሰውራ ኣብ ዝማዕበለ ብርኪ ኣብ ምብጻሕን ምምራሕን ምስግጋርን፡ ንምዕባለ ሕብረተ-ሰብ ንቕድሚት ኣብ ምውንጫፍን ወሳኒ ተራኡ ክጻወት ዝኽእል ዝሰፍሐ ክፋል ናይ'ቲ ውጹዕ ሕብረተ-ሰብ'ዩ።***

***መንእሰይ ወለዶ እዚ ንኽገብር ግን፡ ካብ ህጻንነቱ ጀሚሩ ኣብ ኣተዓባብያኡ ኣካላውን ኣእምሮኣውን ምዕባለኡን ካብ ግዜ ናብ ግዜ እናዓበየ ክኸይድ ምእንቲ፡ ነቶም ካብ ተፈጥሮ ደቂ-ሰባት ዝምንጭው ዘይጠሓሱን ዘይገሃሱን ሰብኣዊ መሰላትን ነጻነትን ካብ ዕድመ ህጻንነቱ ኣትሒዙ ብዓቕሚ ናይ'ቲ ስድራ ቤትን ሕብረተ-ሰብን ስርዓትን ክኽብርሉ'ዩ ይግባእ። መንእሰይ ወለዶ ምዕባለኡ በዚ መሰርሕ'ዚ ኣቢሉ እንተሓሊፉ ከኣ፡ ካብ ንእሰነቱ ኣትሒዙ ብኣካዳሚያዊ ዓቕሙ ዝለዓለን ብስነ-ምግባርን ስነ ዜጋን ዝተሃንጸን ሰራሕ ፈጣራይን ፈታዊ ሃገሩን ኮይኑ ንኽዓቢ ኩሉ-መዳያዊ ብቕዓት ዘለዎ ተረካቢ ዓዲ ዝኾነ ዜጋ ምህናጽ ይከኣል። በዚ ጥጡሕ ባይታ ናይ ኣተዓባብያ'ዚ እንተሓሊፉ ናይ ኣተሓሳስባ ለውጢ ብምምጻእ እኹል ዝኾነ ፍልጠትን ክእለትን ብምጭባጥ ህይወቱ ብዝሐሸ ደረጃ ብምምራሕ፡ ንህዝቡን ንሃገሩን ዘማዕብልን ርእሰ ተኣማንነት ዝሓደሮ ዜጋ ኮይኑ፡ ብቑዓት መንእሰያት ኣብ ምፍራይ እቲ ዕድል ናይ'ታ ሃገር ዝዓበየ ይኸውን።***

***ኣብ ትሕቲ ጸረ-ህዝብን ጸረ-ደሞክራስን ቀንጻሊ ስርዓት ህግደፍ ብቑዕ ዜጋ ንኽፈሪ መንእሰይ ወለዶ እዚ ዕድል'ዚ ይርከብ ኣሎ'ዶ ዝብል ሕቶ ክለዓልን ክምለስ ዘለዎ ወድዓዊ ሕቶ ይመስለና። እቲ ናይ ቀደም ዝነበረ መንእሰይ ወለዶ ኣብ መስርሕ ብረታዊ ተጋድሎ ምእንቲ ነጻናትን ሓርነትን ህዝቢ ኤርትራ ከቢድ መስዋእቲ እናኸፈለ ብልዑል ሃገራዊ ፍቕርን ሓርበኝነትን ከም ዝተጋደለ ዝፍለጥ'ዩ። ኣብ'ቲ ጽንኩር እዋን'ቲ እዚ ሕጂ ስልጣን ሒዙ ዘሎ ቀንጻሊ ትምክሕታዊ ጉጅለ ሽዑ'ውን እንተኾነ ኣብ ህዝባዊ ግንባር ልዕልናኡ ብላዕለዋይነት እናመርሐ እንከሎ ንጸቢብ ጉጅላዊ ረብሓታቱ ክብል፡ ንውሽጣዊ ደሞክራስያዊ መሰላት ናይ ተጋዳላይን ህዝብን ዓፊኑ ብመሓዝ፡ እቲ ተጋዳላይ ይኹን ህዝቢ ሓራ ከይከውን ብስለያዊ ናይ ቅንጸላ ሰከዐታቱ መሊኹ ብምሓዝ ከሳቕዮም ዝጸንሐ፡ ብትምክሕቲ ዝተላዕጠጠ ምኩሕ ጨቋኒ ሓይሊ'ዩ ነይሩ።***

***እዚ ውድብ'ዚ ፍጥር ካብ ዝብል ኣትሒዙ ጸረ-ደሞክራስያዊ ባህሪ ሒዙ ዝመጸን ዝኀበዘን ኮይኑ፡ ውሽጣዊ ደሞክራስያዊ ናይ ኣሰራርሓ መርሆ ክኽተል ፍቓደኛ ዘይነበረ ሓይሊ'ዩ። ብፍላይ ኣብ'ተን ዝደሓራ ዓመታት ድሕሪ ናይ 1978 ምዝላቕ ኣብ ዝነበረ ግዝያት እቲ እከይ ተግባራቱ ብዝኸፋአ መልክዑ ካብ'ቲ ብውሽጢ ውሽጢ ዘካይዶ ዝነበረ ምቕንጻልን ምስዋርን ሓሊፉ፡ ጉዱ ኣብ ቃልዑ ዝወጽሉን ኣብ ነብስ ወከፍ ስድራ ቤት በሰላ ዝገደፈ ፋሽሽታዊ ተግባራት'ዩ ዝፍጽም ዝነበረ። ንመንእሰይ ወለዶ ብሓይሊ ብኣልማማ እናገፈፈ ከሰልፍ ክሳብ ኣንስቲ ሓደርን ከምኡ'ውን ኣብ ሕጽኖት ዝነበሩ መርዑት ከይተረፈ'ዩ ዝወስድ ነይሩ። ካብ'ዚ ናይ ኣልማማ ግፋ ክሃድሙ ንዝፍትኑ መንእሰያት እናቖንጸለን ኣዴታት ዕሽላት ደቀን ገዲፈን ብለይቲ ጸልማት ተኀልቢቦም ብዝጨውይዎ ኣካላት ህግደፍ ኣብ ፈቖዶ በረኻታት ዛሕዛሕ ክብላ እናገበሩ፡ ክሳብ ካብ ኣብያተ ክርስትያናትን ኣድባራትን መሳጊድን ከም እንስሳ እናወጠጡ፡ መንእሰይ ወለዶ ብዘይ እምነቱን ድሌቱን ተገዲዱ ክዕስከር'ዩ ዝገብር ነይሩ። ካብ'ዚ ሓሊፉ ናይ ተጋድሎ ሓርነት ኤርትራ (ጀብሃ) ስሩዓት ኣብ ዓድታትን ወረዳታትን ቀንዲ ኣንቀሳቓሲቲ ነይሮም ንዝበልዎም መንእሰያትን ዓበይትን፡ ኣብ ትሕቲ ቁጽጽርን ክትትልን ስለያዊ ሰኪዐታቶም የእትውዎም ነይሮም። ሓደገኛታት'ዮም እንተኢለሞም ከኣ ክሳብ ናይ ምቕንጻል ስጉምቲ ይወስድሎም ነይሮም።***

***እዚ ስርዓት ጸረ-ህዝቢ ባህሪኡ ሕጂ ዘምጸአ ዘይኮነስ ሕዱር ሕማም ኮይኑ ካብ ብጊሓቱ ኣትሒዙ፡ ካብ ርእይቶይ ዝተፈልየ ርእይቶ ኣለዎም ንዝበሎም መንእሰያት ይኹኑ ምንቅስቓሳት እናሓየረን እናቖንጸለን ዝመጸ ባህሪኡ ዝዓደሎ ተፈጥሮኡ'ዩ። ድሕሪ ምርግጋጽ ነጻነት ኤርትራ ከኣ፡ ንመንእሰይ ወለዶ ጥራሕ ዘይኮነስ ንመላእ ውጹዕ ሓፋሽ ህዝቢ ኤርትራ ኣብ ትሕቲ ናይ ኣርዑት ጭቆና ቀሪኑ፡ ብስም ውጹዕ ብሄረ ትግርኛ እናሸቀጠ፡ ንውጹዕ ህዝቢ ብሄረ ትግርኛ ብሕሱም ደርባዊ ጭቆና፡ ንዝተረፉ ብሄራትን ብሄረ-ሰባትን***

ከኣ፡ ብሕሱም ደርባ'ውን ብሄራውን ጭቆናታት ክሳቐዩ ዝገበረ ጸረ-ህዝቢ ጨፍጫፊ ስርዓት'ዩ። ድሕሪ ነጻነት ኤርትራ ከኣ እቲ ከም ውድብ ህዝባዊ ግንባር ኣብ መስርሕ ብረታዊ ተጋድሎ ዝነበሮ ሓርበኛዊ ተርኡ ተጸንቂቑ ሓሙቱ ፈሲሱ እቲ ወሳኒ ሓይሊ ናብ ምሉእ ገዛኢ ደርቢ ተሰጋጊሩ ስትራተጂካዊ ጸላኢ ውጹዓት ህዝብታት ኤርትራ'ዩ ኮይኑ። ናይ'ዚ ቀንዲ ምኽንያት ከኣ፡ እቲ ሽዑ ዝነበረ መንእሰይ ወለዶ ኣብ'ቲ ብረታዊ ተጋድሎ ሓያል ዝኾነ ሓርበኛዊ ተርኡ ይጻወት ደኣምበር፡ ቀንዲ ምኽንያት እቲ ሰውራ ነቲ መድረኽ'ቲ በቒዑ ዘይምውጽኡ ህዝብታት ኤርትራ ኣብ መስርሕ ብረታዊ ተጋድሎኦም ብቑዕ ደሞክራስያዊ መሪሕ ውድብ ስኢኖም፡ እቲ ሰውራ ብልዕልነት ተራ ሃገራውያን ሓይልታትን ድኻም ናይ ደሞክራስያውያን ሓይልታትን ህዝባዊ ደሞክራስያዊ ሰውርኡ ክዕወት ዘይምኽኣሉ'ዩ።

ካብ' ከም'ዚ ዝኣመሰለ ጸረ-ህዝብን ጸረ-ደሞክራስን ጨራ ናይ ደሞክራሲ ዘይብሉ ቀንጻሊ ስርዓት፡ እቲ መላእ ውጹዕ ሕብረተ-ሰብ ይኹን እቲ መንእሰይ ወለዶ ሰላምን ቅሳነትን ረኺቡ፡ ፖለቲካዊ ይኹን ማሕበራዊ ህይወቱ ብዘይ ሸለብ ገለብን ሸቐጥቆጥን ብነብሰ ተኣማንነት ክመርሕ ኣይክእልን'ዩ። እቲ ስርዓት ብሃገር ደረጃ ዘውጸኦም ኣዕነውቲ ፖሊሲታት፡ እንትርፎ ንጸቢብ ጉጅላዊ ረብሓኡ ዘውዕሎም እንተዘይኮይኑ ንረብሓ እቲ መንእሰይ ወለዶ ይኹን ውጹዕ ሕብረተ-ሰብ ክውዕሉ ኣይክእሉን'ዮም። መንእሰይ በዚ ኣዕናዊ ፖሊሲታት'ዚ ካብ መኣዲ ትምህርቲ እናተኾልፈ ብሓይሊ ተገዲዱ ኣብ ደረት ዘይብሉ ናይ ዕስክርና ህይወት እናሕለፈ፡ ኣብ ፈቖዶ ካምቦታት ጅሆ ክተሓዝን ከም ጊላ ተገዲዱ ንጨፍጫፊ ስርዓት ከገልግልን ኣብ ዘዝኣጎዶ ዘይፍትሓዊ ኩናት ክጥበስን ክስንክል ክመውትን ክትሃድም ፈቲንካ፡ ተቓዊምካ፡ እናተባህለ ክእሰርን ክርሸንን ሓሳረ መከራኡ ክርኢ ጸኒሑን ኣሎን'ዩ። እዞም ክንደይ ናይ ሞትን ህይወትን ስቓይ ሰጊሮም ሃገር ኩቦ ደርብየሙላ ዝተሰዱ መንእሰያት እዚኣቶም፡ ምስተሰዱ'ውን ኣረሜናዊ ስርዓት ምስ ነጋዶ ሰብን መሻርኽቱ ስርዓታትን እናተመሳጠረ ክምለሱን ንከቢድ ሓደጋ ክሳጥሑ'ዩ ዝገብር ዘሎ ። እቶም ካብ ከም'ዚ ዝኣመሰለ ሓደጋታት ኣምሊጦም ዝኸዱ መንእሰያት ከኣ፡ ኣብ ፈቖዶ ምድረ በዳን ባሕርን ናይ ምጥሓል ሓደጋታት'ዩ ዘጋጥሞም ዘሎ።

ኣብ ከም'ዚ ዝበለ ንሰላምን ራህዋን ፍትሕን ልዕልና ሕግን እዝኒ ዘይብሉ ብብልሽውና ዝጠስጠሰ፡ ናይ ቅንጸላን ጥልመትን ዓመጽን ተንኮልን ስርዓት'ዚ ነቲ መንእሰይ ወለዶ ይኹን መልእ ውጹዕ ሕብረተ-ሰብ ብድሑር ሕብረተ-ሰብኣዊ ሕማማት እናመቓቐለ ንጸቢብ ሕሳባቱ፡ ክጥቀመሉ ክገብር ዝጸንሐን ዘሎን ኣዕናዊ ስርዓት'ዩ። ብዙሓት መንእሰያት ኣብ ከቢድ ማሕበራውን ቁጠባውን ፖለቲካውን ቅልውላው ወዲቖም፡ ሃገራዊ ፍቕሮምን ስምዒቶምን ክጎድም ገይርዎ'ዩ። መንእሰይ ወለዶ ኣብ ትሕቲ ከም'ዚ ዝኣመሰለ ኩነታት ብኣካዳሚያዊ ዓቕሚ ይኹን ብናይ ስነ-ምግባርን ስነ ዜጋን ህንጸት ተኾስኲሱ ክዓቢ፡ ፈታዊ ሃገሩ ኮይኑ ብቑዕ ተረካቢ ዓዲ ክኸውን ዘኽእሎ ዕድል ኣየጋጠሞን። ስለዚ ካብ'ዚ ከም'ዚ ዝኣመሰለ ዝተበከለ ውድዕነት'ዚ እቲ ዝርካቡ መንእሰይ ወለዶ ተስፋ ቆሪጹ ክሰደድ ክግደድ እንከሎ፡ ዝጽበዮ ናይ ምንባር ዕድል ግዝያዊ ቅሳነት ደኣምበር ብዘላቕነት እቲ ጸገም ክፍታሕ ዝገብር ኣይኮነን። ብርሰት ናይ'ዚ መንእሰይ ወለዶ'ዚ ብርሰት ሃገር ምዃኑ ከም'ዚ ኢሉ እንተተበታቲኑን እንተቐጺሉን እቲ ስርዓት ዋላ ሓንቲ ስለ ዘይዓጦ ነዚ ሓደጋ'ዚ ክከላኸል ነቲ ጠንቂ ናይ'ዚ ስደት ዝኾነ ኣዕናዊ ፖሊሲታቱ ከመዓራሪ ፍቓደኛ ኣይኮነን። ከምኡ ዘግብሮ ምኽንያት ከኣ፡ ዋላ ሃገር ትበተን ተረካቢ መንእሰይ ወለዶ'ውን ኣይትርከብ፡ ዕድመ ስልጣኑ ከናውሕ ጥራሕ'ዩ ዘገድሶ። ነዚ ዝጠቕመሉ ሜላ ከኣ፡ መንእሰያት ካብ ናይ ከባቢኦም ሕብረተ-ሰብ ተነጺሎም ብዝኾነ ግዳማዊ ኩነታት ከይጽለው ብወተሃደራዊ ስነ-ኣእምሮን ጥርናፈን ኣተሓሳስባታት ጅሆ ክተሓዙ፡ ዘዝተባህልዎ ኣሜን ኢሎም እናተቐበሉ እንተዘይ ተማእዘዙ ከኣ ብፍርሕን ራዕድን እናቐጽዐን እናቀንጸለን ርእሶም ከድንኑን ኣብ ነንሕድሕዶም ከይተኣማመኑን ኣብ ዙርያ ጸገማቶም ሓቢሩ ከይላዘቡን ነጻጺሉ ክቆጻጸሮም'ዩ ክፍትን ጸኒሑን ዘሎን። ካብ'ዚ ሓሊፉ'ውን በቲ ዝመሸመሸን ብድሕረት ዝተላዕጠጠን ኣወንታዊ ስነ-ምግባር ዘይብሉ ህግደፋዊ ባህሊ ኣብ'ታ ሃገር ገዛኢ ኣተሓሳስባ ኮይኑ ክሰርጽ ( Indoctrination) ኣብ ሳዋ ይኹን ኣብ ካልእ ቦታታት ክሰርሓሉ ጸኒሑን ኣሎን'ዩ። ሓሶት፡ ምትላል፡ ስርቅን ምንዝርናን ኣብ ክንዲ ነውሪ ዝኸውን ከም ንቡር ንውልቃዊ ረብሓታትካ መሳርሒ ተወሲዱ ብሰፊሑ ክዝውተር ተገይሩ'ዩ።

እዚ ኩሉ ሽርሕታት'ዚ ንክቡር ማሕበራዊ ክብርታት ህዝብታት ኤርትራ ዝደወነን ካብ መስመሩ ዘውጸአን ኮይኑ፡ ኮነ ኢልካ ክስርሓሉ ዝጸንሐ ናይ ውድቀትን ምብትታንን መንገዲ'ዩ። እዚ ኣብ'ቲ ጠቕላላ መንእሰይ ወለዶ ጥራሕ ዘይኮነስ፡ ብፍላይ ድማ ኣብ'ተን መንእሰያት ደቂ-ኣንስትዮ ብዝኸፍአ መልክዑ ካብ ክሰለፋ ኣትሒዘን ኣብ መዓስከር ሳዋን ኣብ ዝኸዳኦ ናይ ሓውሲ ጊላዊ ስራሓት ናይ ኣገልግሎትን ቦታታትም ብሓይሊ ክዕመጻ ከም ንቡር ተወሲዱ መኮንናት ናይ'ቲ ስርዓት መርወዩ ጾታዊ ስምዒቶም ገይረሞን ኣብ ዘይተደላዪ

ናይ ጥንስን ሕርስ፡ ተላገብቲ ሕማማትን ወዲቐን ክሳቐያን ሓሳረ መከራኣን ክሪኣን ጸኒሐን'የን። በዚ ዝኣክል መንእሰይ ወለዶ ብሰንኪ'ዚ ኣዕናዊ ፖሊሲታት እዚ ስርዓት'ዚ፡ ኣሸንካይዶ ብወለንተኡ ኣብ ምህናጽ ሃገር ክሳተፍስ ነታ ንገዛእ ርእሱ ብሰላም ወፊሩ ብሰላምን ዝኣትወላን ናይ ምምሃርን ምስራሕን ስድራ ቤት ናይ ምህናጽን ዝጥወሩ ወለዲ ናይ ምንባይን ምሕብሓብን ክሕግዝ መሰላትን ዕድላትን ተነፊግዎ ክሳቐ'ዩ ጸኒሑን ዘሎን። ክሳብ ኣብ'ታ ተወሊዱ ዝዓበያላ ዓዱን ከባቢኡን ኮፍ ኢሉ ከይነብር'ውን ኩሉ ምድረ ሲኦል ኮይንዎ ኣብ መዓልታዊ ህይወቱ ክሽቖረርን ዘይቅሱን ህይወት ከሕልፍን ዝግደደሉ ኩነታት'ዩ ኣጋጢምዎ። እዚ ኣበሳ'ዚ ከኣ ኣብ'ቲ መንእሰይ ወለዶ ጥራሕ ተደሪቱ ዝተርፍ ዘይኮነስ፡ ወለዲ ብደቆም ክጭነቑን ክሽቖረሩ ኣፍራዩ ዓቕሚ ሓይሊ ሰቦም ብከንቱ መኺኑ ክተርፍ፡ ካብ'ቲ ስርዓት ኣምሊጡ እንተተባሂሉ ከኣ ዘይተኣደነ ገንዘብ ክቕጻዕን መሬቱ ክሳዕ ዝሕደገሉ ኩነታት ተፈጢሩ'ዩ።

መንእሰያት ብሰንኪ'ዚ ስርዓት'ዚ፡ ብዘጋጥሞ ሓደጋታትን ክንጸላታትን ወለዲ ሓደ ድሕሪ'ቲ ሓደ ናይ መርድእን ኣውያትን ዘይሕዝን ወረ ክሰምዑን ወላድን ውሉድን ብቐረባ ዘይራኸብሉ ኩነታት ተፈጢሩ ኤርትራ ናብ ዓባይ ቤት ማእሰርቲ ተቐይራ፡ መንእሰያት ደቃ ብሕሱም ግፍዕታት ዝሳቐዩላ ሃገር ኮይና ኣላ። ኣብ ከም'ዚ ዝኣመሰለ ዘይጥዑይ ሃዋህው መንእሰይ ወለዶ እቲ ዝሕሸ ኣማራጺ ብዘይካ ምስ ኩሎም ሃገራውያን ሓይልታት ሓቢሩ ምቅላስ ወጻኢ ካልእ ምርጫ የብሉን። ካብ ሃገር ምውጻእን ኣብ ስደት ከርተት ምባልን ግዝያዊ ውልቃዊ ኣፎይታ ደኣምበር ንሕብረተ-ሰብና ዘላቒ ፍታሕ ክኾኖ ኣይክእልን። ነዚ ወድዕነት'ዚ ንምቕያርን ደሞክራስያዊ ለውጢ ንምርግጋጽን እዚ ከም'ዚ ዝኣመሰለ ሓደጋታት ኣጋጢምዎ ዘሎ መንእሰይ ወለዶ'ዚ ከመይ ካብ'ዚ ወጺኡ ነዚ ሕሱም ኩነታት'ዚ ኣብ ምቕያር ዕዙዝ ተርኡ ይጻወት ኣብ ዝቕጽል ሕታምና ንህልዊ ኩነታት ደምበ ተቓውሞን መንእሰይ ወለዶ ኣብ ስደትን ዘጠቓለለ ብሰፊሑ ክነቕርቦ ኢና።

ካብ መጽሔት ህዝባዊ ደሞክራሲ ወግዓዊት ልሳን፡ ደ,ግ,ሓ,ኤ, ቁ 15 ጥሪ 2017 ዝተወስደ

ድምጺ ሰላምን ደሞክራስን ኤርትራ፡ 03-02-2017